

Tigrinska

# ነፍሰ-ጾራት ወይ ኣብ ቀረባ እዋን ዕሽል እተጋላገልክን ዲኽን? ድምጽኽን ኣስምዓ!

## ንተመኩሮ ጥንሲ ኣብ ዝምልከት ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ተሳተፉ

ነፍሰ-ጾራት ወይ ኣብ ቀረባ እዋን ዕሽል እተጋላገላ ኣዴታት እንተ ኼንክን፡ ንተመኩሮ ጥንሲ ኣብ ዝምልከት ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብምስታፍ፡ ኣብ ኣገልግሎታት ክንክን ጥዕና ከምኡ`ውን ነፍሰ-ጾራት እንከለኽን ኣብ ዝነበረክን ኩነተ-ጥዕና ኣተኩሮም ንዝቐርቡልክን ሕቶታት ኣብ ምምላስ ዘለክን ሓሳብ ከተካፍላ ትኽእላ ኢኽን። እዚ ድማ ልክዕ ድሕሪ ሕርስኽን ከምኡ`ውን ዓመትን መንፈቕን ድሕሪ ሕርስኽን ንዝነበረክን ኩነታት ጥዕና ዝምልከት ምኧኑ እዩ። ነፍሲወከፍ ተመኩሮ ጥንሲ ኩነ ሕርሲ ፍሉይ እዩ። ስለዝኾነ፡ ተሳትፎኽን ንዓና ኣገዳሲ እዩ።

እዚ ንተመኩሮ ጥንሲ ዝምልከት ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እዚ ሰለስተ ርእሶም ዝኸኣሉ ክፋላት ዘለውዎ እዩ። ኩላቶም እዞም ክፋላት እዚኣቶም ኣብ`ቲ ኣብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ https://www.1177.se ዝርከብ ናይ ውልቀኽን ገጽ ሰፊሮም ኣለዉ።

REGION SKÅNE

Swedish Association of Local Authorities and Regions

ንሰለስተ ኣጋጣሚታት ኣመልኪትክን ሕቶታት ንኽትምልሳ ክትሕተታ ኢኽን፦
› ኣብ ናይ መበል 25 ሰሙን ተመኲሮ ጥንስኽን እንከለኽን፣
› ድሕሪ ሕርስኽን ሸሞንተ ሰሙናት ኣብ ዝመላእክናሉ እዋን፣ ከምኡ`ውን
› ድሕሪ ሕርስኽን ናይ ሓደ ዓመት እዋን ምስሓለፈ።

ነዞም ሰለስተ ክፋላት ናይ`ዚ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እዚ ንኽትምልሳኦም ዕዱማት እኳ እንተኾንክን፡ ግዴታዊ ግን ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ኣስታት ቅድሚ ሓደ ዓመት እንተጋላገላ ኣዴታት እንተኾንክን፡ ነቲ ናይ መወዳእታ ክፋል ጥራይ ምምላኡ ክትመርጻ ዝከኣል እዩ። ነፍሲወከፍ ክፋል ንምምላሱ ኣስታት ሓሙሽተ ደቓይቕ ዝወስድ ክኸውን እንከሎ፡ ነዚ ንምግባር ድማ ቀጥዒ መሕተት ካብ እተቐበልክናሉ እዋን ናይ ሸዱሽተ ሰሙናት ግዜ ክህልወክን እዩ።

**እትሳተፋሉ ኣገባብ፦**

1. ናብ ነቈጣ መርበብ ሓበሬታ https://www.1177.se እተዋ።
2. ናብ ላዕለዋይ ሸነኽ ናይ`ቲ ገጽ ብምኻድ ኣብ ”Logga in” ጠውቓ።
3. ናብ ማእከላይ ሸነኽ ናይ`ቲ ገጽ ብምኻድ፡ ናይ መፍትሕ ምስሊ ኣብ ዘለዎ – ኣብ ”Logga in” ዝብል ክፋል ጠውቓ።
4. ኣብ ተንቀሳቓሲት ቴሌፎንክን ኤሌክትሮኒካዊ መለለዩ ንምግባር፡ ከም ”Mobilt Bank-ID” ዝኣመሰለ እትልለያሉ ኣገባብ ምረጻ።
5. ኣብ ላዕለዋይ ሸነኽ ናይ`ቲ ገጽ፡ ማለት ናብ ትሕቲ ስምክን ብምኻድ፡ ኣብ ”Inställningar” ጠውቓ።
6. ዝርዝራት ኣድራሻኽን ኣእትዋ። ካብ 1177 (”Avisering från 1177 Vårdguiden”) መተንባህታዊ መልእኽቲ ናይ ኢ-መይል ወይ እውን እንተላይ ናይ ጽሑፋዊ መልእኽቲ ተሌፎን ክትቅበላ ከምእትደልያን ከምዘይትደልያን ምረጻ። ናብ ታሕተዋይ ሸነኽ ናይ`ቲ ገጽ ብምኻድ፡ ኣብ ”Spara” ጠውቓ።

ነዞም ዝርዝራት ሓበሬታ ኣእቲኽን ምስወዳእክን፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ሓድሽ ክፋል ናይ`ዚ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እዚ መሊእክን ዝዛዘምክናሉ እዋን መልእኽቲ ክትቅበላ ኢኽን።

## እቲ ንዓኽን ዝምልከት ውልቃዊ ሓበሬታ ውሑስ ብዝኾነ ኣገባብ እዩ ክተሓዝ

ኣብ`ዚ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እዚ ምስታፍ ወለንታዊ ኮይኑ፡ ዝኾነ ይኹን ካብ`ቶም እትህባኦም መልስታት ብውልቂ ምሳኻትክን ዝተኣሳሰር ኣይክኸውንን እዩ። እቲ ውህሉል ውጽኢት ናይ`ዚ ንተመኲሮ ጥንሲ ዝምልከት ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እዚ፡ ኣብ መዳይ ምምሕያሽ ኣገልግሎታት ክንክን ጥዕና ከም መሰረት ከገልግል እዩ።

ጥዕናዊ ጸገም ምስዝህልወክን ወይ ድማ ነፍሰ-ጾራት እንከለኽን ድዩስ ድሕሪ ሕርስኽን ደገፍ ምስዘድልየክን፡ ብኽብረትክን ንመሕረሲትክን ወይ ንሕክምናዊ ማእከል ተወከሳ።

ተሳተፍቲ ብምኳንክን ነመስግን።